# ብሰንኪ ቀረጽ፣ ረዲኤት ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ተዓጊቱ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 16.08.2005

ብሰንኪቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝሓገጎ ንረድኤት ዝምልከት ቀረጽ፥ ማእለያ ዘይብሉ ህጹድ ረድኤት ኣብ ወደባት ኤርትራ ተዓጊቱ ኣሎ ክብላ ለገስቲ ማሕበራት ዘቕረባኦ ክሲ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣሉታ ክህበሉ ይፍትን ኣሎ።

ክልተ ሲሶ ካብቲ 3.6 ምልዮን ዝተቐማጢኣ ኤርትራ፣ ሓንቲ ካብተን ኣብዚ ዓ መትዚ፣ ህጹጽ ረድኤት ዘድልየን ሃገራት ኢያ።

ብመሰረት እቲ ንንጥፈታትን ናይ ዘይመንግስታዊ ትካላት ንምሕጻር ብ11 ግንቦት 2005 ዓ.ም እተሓንጸጸ ሓድሽ ሕጊ፣ ናይ ረዲኤት ትካላት ናይቲ ዘቕርቦ ረዲኤት ቀረጽ ክኸፍላ ግዱዳት ኢየን። ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ (World Food Programme) እተባህለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል፣ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣትሒዙ፣ ንረዲኤት ተባሂሉ እተለገሰ መግቢ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ተዓጊቱ ከምዘሎ ዘረጋግጽ ጸብጻብ ካብ ኣህጉራዊ ውድባትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ከምእተቐበለ ሓቢሩ። “መንግስቲ ኤርትራ፣ ንረዲኤት ተባሂሉ ዝልገስ መግቢ ይኹን ካልእ ሓገዛት፣ ቀረጽ ክኽፈሎ ኣለዎ ዝብል ሕጊ ስለዘውጽአ፣ ሰበ-ስልጣን ናይታ ሃገር ነዚ ረድኤትዚ፣ ሒዞምዎ ኣለዉ” ኢሉ። ቀጺሉ፣ “እዚ ረዲኤትዚ፣ ብዘይ ቀረጽ ንምእታዉ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዝርርብ ጀሚሩ ኣሎ” ኢሉ።

ገለገለ ዲፕሎማስያዊ ምንጪታት፣ ዓቓን ናይቲ ተታሒዙ ዘሎ ረዲኤት ከይጠቐሱ፣ “እቲ መግቢ፣ ብሰንኪቲ ኣብ ምጽዋዕ ዘሎ ሙቐትን ጠልን ክበላሾ ይኽእል ኢዩ” ኢሎም።

ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፣ ወይዘሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ቀረጽ ክኸፍሉ ግቡኦም እኳ እንተኾነ፤ ናይዚ ረዲኤትዚ ቀረጽ ግን ናተይ ሚኒስትሪ ክኸፍለሎ ኢዩ ኢላ። “ናተይ ሚኒስትሪ፣ ነቲ ዝጥለብዎ ዘለዉ ቀረጽ ንሚኒስትሪ ናይ ፊናንስ ክኸፍለሎም ስለዝኾነ፣ እቲ ሽግር ፍቱሕ ኢዩ” ኢላ ክብል ሮይተርስ ካብ ኣስመራ ዘመሓላለፎ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።